# ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት

ዝኾነ ዕቑሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ክገብር ኣለዎ። እዚ ሓደ ሰብ ብዘይምፍላጥ ዕንወት ምስዘስዕብ ንዝመጽእ ክፍሊት ይሸፍን።

## ሰብኣዊ ተሓታትነት

ሓደ ሰብ ንካልእ ሰብ ምስ ዝጎድእ: ወይ ኣብ ልዕሊ ካልእ ግድኣት ምስዘኸትል: እቲ ካልእ ሰብ ነቲ ጉድእት ዘውረደሉ ብሕጊ ይሕቶ። ነዚ ዝግበር ክፍሊት ብዙሕ ክከውን ይኽእል። ንኣብነት ሓደ ሰብ ኣብ በረድ ሸተት ክብል ከሎ ንካልእ ሰብ ምስዝጎድእ: ኣማኢት ኣሽሓት ዕዳ ክሕተት ይከኣል።

## ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት

ኣብ ዕንወት ዘስዕብ ሓደጋ ትፍጽመሉ ግዜ ንዘጋጥም ጸገማት : እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት (Privathaftpflichtversicherung) ይድልየካ። ነዚ መብዛሕትኦን ናይ ውልቂ ናይ ድሕነት ትካላት ከም ኣማራጺ ይበርክታ። እዚ እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ንኩሎም ኣባለት ስድራ ቤት ብሓባር ክእቶ ይከኣል። እዚ ናይ ድሕነት ውዕል ናይ ግድን ኣይኮነን ክትኣትዎ: ግን ኣዝዩ ተመራጺ እዩ።

## ስርሓት ናይ ድሕነት

እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት: ንዘጋጥን ናይ ንብረትን ናይ ሰብን ክሳራ ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ንዘኸትሎ ይሸፍን። ኣብዚ ናይ መዕረዩ ወጻኢታት: ምሕወዩ ወጻኢታት: ናይ ደሞዝ ክሳራታት: ወይ ናይ ቃንዛ መሕወዩ ወጻኢታት ይጠቓልል። እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት:እንስሳ ዘቤት ዘስዕብዎ ክሳራታት ውን ይሸፍን። ኣብ ውሽጢ ሓደ ገዛ ዘብሩ ዘስዕብዎ ክሳራታት ግን በዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ኣይሸፈንን ኢዩ። ኣብዚ ሰብ ኮነ ኢሉ ንዘስዕቦም ክሳራታት ኣይሸፍንን ኢዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.ciao-aargau.ch/ti/good-to-know/personal-liability-insurance